# <u>ደቡብ ሱዳን ኣብ  ትሕቲ ቅሉዕ መግዛእቲ።</u>

ደቡብ ሱዳን ድሕሪ 2011 ዓመተ ምህረት ነጻነታ ምውሳድ ኣብታ ሃገር ሽግራት ገዲዶም ድኣ እንበር ነፋስ ነጻነት ነፈሶም ኣይፈልጡን። ህዝባ ዝነበሮ ናይ ናጻነት ጽምኢ ከም ትኪ በኒኑ፣ ከም ሓሙኹሽቲ ደቢኑ፣ ከም ብሕማም ዓሶ ዝተረመሰ ማሲኒ ይርከብ። እዛ ዕሸል ሃገር ምስ ኩሉ ተፈጥራዊ ጸጋታታ ሰባ ብጥሜትን ሕማምን ድንቁርናን ክሳቐ ምርኣዩ ንኹሉ ሕልና ዘለዎ ሕብረተሰብ ዘሕዝን ኮይኑ እሎ።

ደቡብ ሱዳን ብሰንኪ ምትእትታው ባዕዳውያን ናጽነታ ስማዊ ጥራሕ ኮይኑ ኣሎ። ህዝባ ዳርጋ 85% ኣብ ከም ሓውሲ ፈልመ ዴስነት እነብር። ማሕበራዊ ናብራ ዘይብሉ ብዓሌታት ተተፋኒኑ ነንሕድሕዱ ኣብ ምቕትታል ይርከብ። እዛ ብባህሪኣዊ ተፈጥሮ ሃብታም ዝኾነት ሃገር መሻርኽታን መዛኑኣን ኣብ ምምራጽ ጉጉይ መንገዲ ስለ ዝተኸተለት ሎሚ እናህትለ ኣብ ድቕድቕ ዝበለ ኢድ ኣዙራዊ ግዝእት ተምርሕ ኣላ። ኣብዛ ሃገር'ዚኣ ክሳብ መንግስታ ላዕለዋይ ኢድ ሒዙ ካብ ዝኾነ ግዳማዊ ተጽዕኖ ነጻ ዝኸውን ሰላም ይኹን ብልጽግና ክርከብ ማለት ዘበት'ዩ።

ህዝቢ ንቕሃቱ ክብ ከየበልካ፣ መሰረታዊ ሽግራቱ ከይፈታሕካ፣ ጥዕናኡ ከይፈወስካ ደሞክራሲያዊት ሃገር ክትተክል ኢልካ ምዝራብ ካብ ልግጫ ምኺ ሓሊፉ ካልእ ዘምጽኦ ኣዎንታዊ ፍረ የልቦን። መሪሕነት ደቡብ ሱዳን ሓደ ጉጉይ ተግባር ዝገበሩዎ እንተሎ ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኦም ነቲ ክውንነት ህዝቦም ረሲዖም ኣብ ናይ ስልጣን ኮረሻ ተወጢሕካ ሓለፉ ህዝብኻ ሃብቲ ምውናንን ክቡራት መካይን ምጥራይ  ከም ቀዳማይ ዕማም ምውሳዶም ናይ ውድቀቶም ምልክት መምዘኒ ምኺኑ ኣይተረደእዎን። በዚ መሰረት ከኣ ንገበጥቲ ባዕዳውያን ሃገራት ብፍላይ ከኣ ንኣሜሪካ ቁሉዕ ባብ ከፈቱ።

መንግስቲ ደቡብ ሱዳን  እታ ቀዳመይቲ ዕርክነት ይኹን ሽርክነት ክመርጹዋ ዝግብኦም ዝነበረት ሃገር ሰሜን ሱዳን ክትከውን ምተገብኤ። እንተኾነ ግን ኣደኻ ገዲንፍካ ምስ ጓና ተዛመድ ኮይኑ። ምስ ሰሜን ሱዳን 1) ኣሕዋት ንብዙሕ ዘመናት ብሓደ ዝነበሩ። 2) ብብዙ ማሕበራውን ባህላውን ሸነኻት ዝተኣሳሰሩ። 3) ሕጂ ከኣ ጎረባብቲ ብዶብ ዝተኣሳሰሩ። ነዚ ኩሉ ነጢርካ ባሕሪ ተሳጊርካ ኣይ ብባህሊ፣ ኣይ ብልምዲ፣ ኣይ ብቛንቋ፣ ወዘተ.. ዘይዛመዱኻ ዕርክነት ምግባር ባርነት ምዕዳም እዩ። ነዚ ርሑው ኣፍርደገ ዝረኸበት ኣሜሪካ ከኣ ጽቡቕ ዕድል ንእከይ ተግባራታ ሰጋእ ከይበለት ከም ኣልቢትሮ (ዳኛ) ዘይብሉ ጸወታ ኩዕሶ ክትጥቀመሉ ዓይና ኣይሕሰትን።

ከም ኩሉ ህዝቢ ዓለም ዝፈልጦ ኣሜሪኽ ዝኣተዎቶ ሃገርን ነቐዝ ዝኣተዎ እኽልን ሓደዩ። ብፍላይ ንፍሪቃውያን መራሕቲ ከም ከደምቲ ዳምበር ከም መሻርኽቲ ስለ ዘይትጥምቶም ብገንዘብ ኣፎም ዓቢሳ ኣብልዕሊ ሰላማዊ ህዝበ ከም ድላዮም እንዳዓንደሩ ሃብተን ጓሕጒሖም ህዝበን ኣብ ተጸባይነት ከም ዝነብር ኮይኑ እሎ። ደቡብ ሱዳን ከኣ ሓንቲ ገንሸል ናይዚ እከይ ተግባር ግዳይ ኮይና ኣላ።

ኣብዚ ሰሙን እዚ ስስምምዕ ሰላም ኣብ ሞንጎ ሳልቫክርን ማቻርን ብሞንጎኚነት መሪሕነት ኣመሪካን ተዓዛብነት ወያኔን ካልኦትን ተፈሪሙ ይበሃል ኣሎ። ንሓደ ብጉቦ ጅቡኡ መሊእካ፣ ንሓደ ከኣ ብዘመናዊ መድፍዕ እገዳ (sanction) ዝበሃል እናኣፈራራሕካ ወይ ተቐበል ወይ ድድርዓም እናተባህለ ዝግበር ስምምዕ ከይተጠንሰ ዝተሓርሰ ምዃኑ ንግንዘብ። ውጺእቱ ፍሕት ከይበለ ዎዮም ሰዓብቲ መቻር፡ መቻር ከምዘውክሎም ይዝረብ ኣሎ። በዛ ሕጊ ጥሒሳ ውቕያኖሳት ሰጊራ ሃገራትን ኣህዛብን ተፋልስን ተጥፍእን ዘላ ኣሜሪካ፡ ብኻልእ ወገን ከኣ ወያኔ ብቤት ፍርዲ ዓለም እግባይ ዘይባሃሎ ፍርዲ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተዋህበ ብይን ዝጠሓሰት ኣታዓረቕቲ ክኾና መራሕቲ ደቡብ ሱዳን ምቕባሎም ዘስደምምዩ። መንግስቲ ደቡብ ሱዳን ካብዚ ኣቲዎ ዘሎ ሰልሚ ንምውጻ ዘለዎ ተኽእሎ ዳርጋ ዜሮ'ዩ ክበሃል ይከኣል። መቻር ዝውክሎን ዝእዝዞን ሓይሊ ብጀካ ቀቢሉኡ ካልእ የቡሉን። ሓፋሽ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ካብ ሓንቲ ሱዳን ክፍለ ከሎ ጽልኢ ሰሜናውያን ስለ ዝነበሮን ባዕዳውያን ንረብሕኦም ስለ ዘጎሃሃርዎን ድኣምበር ህዝቢ፣ ተወዲቡ፣ ንቂሑ ዘዋጽኦን ዘየዋጽኦን ተረዲኡ ዘወሰዶ ምርጫ ከምዘይነበረ እዚ ሕጂ ተበዚሑ ዘሎ መድረኽ ይነግር። ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ግዳይ ክኸውን ከሎ ተረባሕቲ ግን እተን ንኣሜሪካ ዝኽድማ መንግስታት ኮይነን ኣለዋ።

ሕጂውን እቲ ኩነታት ናብ ነዊሕን ፍታሕ ዘይርከቦ ጉዕዞ ቓልሲ እናምርሔ እኺይድ ከም ዘሎ'ዩ ዘብርሃልካ። መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝነበሮ ጥቕሚ ዳርጋ ኣብ ምኽታሙ ስለ ዝበጽሔ እቲ ካብ ቀደም ዝምነዮ ዝነበረ ጎበጣ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እናተጋህደ ይመጽእ ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ትሑዛት ከደምቲ ኮይነን ዘለዋ ኢትዮጵያን፣ ጂቡቲን ክኾና ከለዋ ንደቡብ ሱዳን ፋሕ ብትን ንምእታው ኣብ ሓያል ቃልሲ ትርከብ።

እዚ ናይ ጎበጣ ሜላ፣ ኣብ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዉ ህዝብታት ሓያል ናይ ተቓውሞ ቃልሲ ጻረ ተምበርካኽነት ክስዕብ ከምዝኽእል ክንግንዘብ የኽእለና። ከም ኣብነት ዝኾናና ብዙሓት ሃገራት ክብረን ብመንግስቲ ኣሜሪካን ዕሱባት ደቂ ሃገርን ተደፊሩ፣ ሃገረን ዓንዩ፣ ህዝበን ብምልዮናት ተቐዚፉ፣ ህንጻታተን ፈራሪሱ፣ ኩሉ ምስለን ተደምሲሱ። ሎሚ ኩለን ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ብሰንኪ ምኽንያት መበገሲ

ምትእትታው ባዕዳውያን ዝተወልዔ ኲናት ዝተረፈ ህዝበን ሰላም ተሓሪሙዎ ኣደዳ ዝተፈላለዩ ተርእዮታት ኮይኑ እሎ።

ንሕና ኤርትራውያ ነቲ ብረዚን መስዋእቲ ዝተረኽበ ነጻነት ፍልልያትና ብዘየገድስ ዓቂብናዮ ናይ ምንባርን ናብ ዝመጽእ ዎሎዶታት ናይ ምርካብን ግደታዊ ሓላፍነት ኣሎና። ብዓይኒ ሓቂ እንተሪኢናዮ'ውን ንዝተረኽበ ብርሃን ዘዕኑ ተጻባእነት ክህሉ ኣይምተገብኤን። ካብዘን ብሰንኪ ዑሱባት ደቂ ሃገርን ፈራሪሰን ዘለዋ ሃገራት ክንመሃር'ውን ምተገብኤ። ንብሕታዊ ስልጣኑ ልዕሊ ህዝቢ ቐጺሩ ጻረ መንግስትን ህዝብን ኤርትራዊ ናይ ዑሱባት ዑሱብ ምኳ ዘይሓላፍነታዊ ኣብ ርእሲ ምኳን ነውራም ፖሎቲካ'ውን እዩ። ገለ ኤርትራውን ነቲ ሓመድ ተነጺፉ፣ እምኒ ተተርኢሱ፣ እንግድዑ ብቑርን ሃሩርን ተገሪፉ፡ ከብዱ ብጥሙዩ፣ ጎሮርኡ ብንቑጹ፣ እሞኸኣ ንብዙሕ ዓመታት ነብሱ ኣብ ብልሒ መላጸ ዘስፈረ ተጋዳላይ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ገዲፍካ ነቲ ንዘመናት ህዝቢ ኤርትራ ሃገሩ ከይውንን ከም ሰብ ንኸይነብርን ዝፈረደናን ዝፈርደና ዘሎ መንግስቲ ኣሜርካ ምምስጋን ንሑሉፍን ህልውን ታሪኻ ዘይምፍላጥ ወይ ብኸብድኻ ምሻጥ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ናይ ለባማት ለባም'ዩ እንትርፎ እቶም ክርዳድ ገዲፍካ። ንኲናት ሕድሕድን ምረቱን ኣጸቢቑ ዘስተማቐረ ህዝቢ'ዩ። ሎሚ እንኳንዶ ኣብ ሃገርና ኣብ ጎረባብትና ይኹን ናብ ጸላእትና ከይተረፈ ኲናት ንምነየሉ መዋእል ኣይኮነንን። ቀደም'ውን ንኲናት ተመኒናዮ ወይ'ውን ሃሪፍናዮ ኣይንፈልጥን።

መንእሰይ ኤርትራ ሃገር ንዓኻ'ያ። እቲ ኩሉ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ንመጻኢ ሂወትካ ራህዋ ድኣምበር፣ እቲ ዝተቓልሰስ መስዋኣትን መውጋእትን ዕድመ ዘርከቦን ኮይኑ ስለ ዘሎ ሃየ ሃደራኻ ተቐባል ሕድሪ ኣቦታትካ ኩን። ሃገርካ ህነጽ፣ ክብርታትካ ኣውሕስ፣ ባህልኻ ዓቅብ፣ ናይ ካልኦት ግዙእ ኣይትኹን፣ ቅድሚ ኩሉ ንነብስኻ ኣድንቓ፣ ብታሪኽካ ተሓበን፣ ብግዝያዊ ሃውርታት ኣይትታለል። ሰብ ኩሉ ሓደ እዩሞ ቁኑዕ

መንፈስ ሒዝካ ንኹሉ ክትበጽሖ ኢኻ። መንነትካን ታሪኽካን ብኩርዓት ንገር። ኣብ ዘዘለኻዮ ቦታ ኤርትራዊ ምኳንካ ዘሔብን ስራሓት ስራሕ። ንተጻብኦታት ብውልቂ ኮነ ብእኩብ ብዓውታን ብስነፍልጠታውን መክቶ። ሳላ ጀጋኑን ውፉያትን ዘኹርዕ ታሪኽ እዩ ዘሎካ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ።

ዕወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር።